***ባህልና መንነትና***

ባህልና ምኺኑ ኩቡር መንነትና፡
እንተዎት ምኺና ካብ ካልእ ዝፈልየና፡
ንቕበል ኣጋይሽ ብፍሕሹው ገጽና፡
ደቂ ደሴት ሰላም እንዲና ኣብ ዞባና።

ከቕጽል ንዉሉድ ዎሎዶ እቲ ኩቡር ባህሊ፡
መታን ክውረስ ምስ ሙሉእ ዓቕሊ፡
ክይተዛነና ብናይ ሎሚ ትማሊ፡
ከምቲ ዝተረከብናዮ ነተሓላልፎ ሕድሪ።

ትምበል ኣነ ክዛረብ ዝብሉ ክይመጹና፡
ባህሎም ኒዒቖም ዝወርሱ ናይ ጓና፡
ሽለል ኣይንበል ክንዕቅብ ልምድና፡
እሂን ሚሂን ንበል ምስ ደቅታውትና።

ግዜ ተሃፋፊይ'ዩ ዝዕድም ንጥፍኣት፡
ብዙሓት ኣለዉ ተዋፊሩ ናብ መንገዲ ጥፍኣት፡
ተመሲሎም ዝቐርቡ ለባማት ለውሃት፡
ብሓሶት ኣስኪሮም ዘጋግዩ ሱሱዓት።

ነስተውዕለሉ እዚ ኩፉእ ዘመን፡
በዓል ቅኑዕ ዝከሓድ ሓሳዊ ዝእመን፡
ቡዙሓት ዝፈርይሉ ተናኽስቲ ተመን፡
ሓይልና ነደልድል ሃየ ንተኣማመን።

ጽላልና ከፍርሱ ዓዲ ክድምሱሱ፡
ኣለዉ ብዙሓት ብኽፍኣት ተራኽሱ፡
መረብ ሰጊረም ሕስረት ዝለበሱ፡
ልቢ እንተገሮም ዓዶም ይመለሱ።

መንእሰይ ሓየ ኣስተውዕል ኣይትዓሹ፡
ንዓኻ መሲሎም ክይኣትዉኻ ልቦም ዘገሹ፡
መንግስቶም ገዲፎም ትፉእ ወያነ ዝልሕሱ፡
እንትርፎ ሕማቕ ታሪኽ ካልእ ኣንታይ ክይሓፍሱ።

ደቂ ኤረ ሎሚ ቡምባ ጥይት ኣይኮነን ዘድልየና፡
ንቕሓት ተዓጢቕና ነደልድል ውዳበና፡
ሓይሊ የለን ነዚ ዝእግደና፡
ልዕሊ መዳፍዕ ዝሕምሸሽ ጻላእትና።

ማእዶ ብሓንሳብ ምስ ዝጥመራ፡
ይበሃል ንሓያል ከረው ኣቢለን ይኣስራ፡
መስለኒ ንዓና'ዩ ተመሲሉ ንደቂ ኤርትራ፡
ውጺኢቱ ተመስኪሩ ኣብ መስርሕ ሰውራ።

ድሓርውን ተደጊሙ ኣብ መጋባኣያ ዓለም፡
ብርዕና ኣይተረረፈን ኣንቂጹ ቀለም፡
ሃገራት ዝመሃረ ብዘይ ቀልዓለም፡
ፍርዲ ናይ ዶብ ኣሎ ምስክር ንዘልኣለም።

ዝኸሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር
ጥቅምቲ/01/2017